# ቃል ኣሕታሚ

ሎሚ ኣብ ዕዮ ሕትመት ሳሕቲ፡ ኣብ ዕቑዳት ወይ'ውን ወለዶታት ዘዃንፍ ፍሉይ ዕድል በጺሑናስ፡ ሓደ መበቄላዊ ዕዮ ቐንየት ነሕትም ኣሎና። እዚ ኣብ ኢድ ኣንበብቲና ዝበጽሕ ዘሎ 'ህያው ደብሪ'፡ ብዅሉ መስፈሪታት ስነጽሑፍ ግጥሚ፡ ልዕሊ ንቡር ብቕዓትን ብልጸትን ዘሎዎ ብርቂ መጽሓፍ ግጥምታት ኰይኑ ረኺብናዮ። በዚ ኸኣ፡ 'ህያው ደብሪ'፡ ኣብ ስነጽሑፍ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ግጥሚ ትግርኛ፡ ሓድሽ ምዕራፍ ከርሑ ዝኽእል ፈዋናይ መጽሓፍ እዩ ኽንብል ንደፍር። እዚ ገምጋም'ዚ፡ ዘይተጻመወሉ ውዳሴን ብግቡእ ከይሓሰብናሉን ሚዛኑ ከይተገንዘብናን ንማለቱ ኸም ላቜባ ዘረባ እንብሎን ዘይኰነስ፡ ኣስተውዒልናን ኣርጢብናን እንህቦ ዘለና ዕቱብ ገምጋም'ዩ። እዚ ገምጋም'ዚ፡ ብዘለዎ ኸም ደምዳሚ ኽውሰድ ስለ ዘይክእልን ስለ ዘይግባእን ግን፡ ኣብዚ ቓል'ዚ፡ ዋላ ብኣዝዩ ዝተጸምቈ ንድፋዊ ኣቀራርባ ይኹን፡ ብመንጽር ጥበባዊ ህየሳ መረዳእታና ኽነቕርብን ምዅኑይ ክንገብሮን ኣድላዪ ይመስለና።

ብቕዓትን ነባርነትን ጥበባዊ ስርሓት ብቐዳምነት ብመበቈላውነቱን ስነጻባቔኣዊ ኽብሩን ስለ ዝውሰን፡ ብመጀመርታ፡ 'ህያው ደብሪ' መበቈላዊን ስነጽባቔኣዊ ኽብሪ ዘሎዎን ስራሕ ድዩ ኢልና ኽንሓትት ግቡእ'ዩ። ኣብ ግጥሚ፡ መበቈላውነትን ስነጽባቔኣዊ ዕዘትን፡ ከም ኣብ ኵሉ ጥበባዊ ዓውድታትን ናይ ግጥሚ ፍሉይ ባህርያትን ተሓላላኽነቱን ተደሚርዎን፡ ሓደን ዘየሻሙን ትርጉምን መረዳእታን ስለ ዘይብሉ፡ ብሰሪ ባዕላውነቱን ኣከራኻርነቱን ዝተፈላለየን ተጋራጫውን ኣተራጓጕማታት ዝፍልፍል እዩ። 'ህያው ደብሪ' ኻብዚ ዝተፈልየ ዕጫ ኽህልዎ ስለ ዘይክእል፡ እነቕርቦ ኣፈናዊ ርእይቶ ናይ ኣሕታሚኡ ጥራይ ምዃኑ ብኣጋኡ ኽነመልክት ግቡእ'ዩ።

ብማሕለፊያ ጥበባዊ እልመት ወቂቡን ማዕሪጉን፡ ስነጽባቔኣዊ ጥልቀትን ብራኼን ዘጥረየ ስምዒትን ሓሳባትን ቋንቋን እቲ ሰለስተ ቐንዲ ኣዕኑድ ግጥሚ ስለ ዝኾነ፡ ንግጥምታት 'ህያው ደብሪ' ብመነጽር'ዚ ሰለስተ ኣዕኑድ'ዚ ህየሳዊ ገምጋም ክግበረሉ የድሊ።

ከምቲ ሓደ ስሙይ ገጣማይ ዝበሎ፡ ግጥሚ ዝውክሎ ሓሳባት ዝረኸበ ስምዒት፡ ዝገልጾ ቓላት ዝረኸበ ሓሳባት'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ግጥሚ ነቲ ኻብ ሰብኣዊ ሃለዋት ዘይፍለ፡ ዘየዕርፍን ፍታሕ ዘይርከቦን ናይ ሰብኣዊ ህይወት መፋጥርቲ ዝኾነ ሻቕሎትን ጭንቀትን ብቐጻሊ ዘንቅሎ ድንግርግር ዝበለን ዝተፈራረቐን ተጋራጫውን ህዉጽ ስምዒታት ዝነጸረ መግለጺ ብምርካብ ናይ ምዕጋሱን ግዝያዊ ርግኣት ናይ ምርካብን ጥበባዊ ህቀና፡ መፈጸምታ ዘይብሉን ንባዕሉ ትርጉም ዘኸውንን ህቀና'ዩ። ግጥምታት 'ህያው ደብሪ'፡ ብስፍሓትን ዕምቈትን ዝውክሎን ዝገልጾን ሕብረ-ስምዒታት፤ ድፍንቕ፡ ፍቕሪ፡ ጓሂ፡ ፍስሃ፡ ጣዕሳ፡ ጭንቀት፡ ኣስቆንቋኖ፡ ቃንዛ፡ . . . ኣዝዩ ዝተመረቐ'ዩ። እቲ ዘውክኦ ስምዒታት ብብዝሑ ጥራይ ዘይኰነ፤ ብኣገላልጻኡ ውዕዉዕ፡ ዓሚቝ፡ ትኩር፡ ሓያል፣ ብትርጉማት ብዝተሰገደ ኣዝዩ ጽዑቕ ኣቀራርባኡ ከኣ ብዙሕ ዝቐጻላታቱን ዝሕብሩን ብምኳኑ ብርቂን መበቈላዊን እዩ። ኣብዚ ግጥምታት'ዚ ተጻሪሑ ዘሎ ስምዒታት፡ ካብ ብምድግጋም ዝላሸወን ዝላደየን ቋንቋ ርሒቑ፡ ብዝበቕዖ ውቁብን ብሉጽን ዘስተንክር ቋንቋ ብምግላጹ፡ ህይወትን ድምቀትን ረኺቡ'ሎ። ከም ዝበሃል፡ ግጥሚ ካብ ዝመጠቐ ፍስሃን ካብ ዝዓሞቐ ጓሂን ስለ ዝውለድ፡ ግጥምታት 'ህያው ደብሪ' ክልተኡ ጫፋት ናይ ሰብኣዊ ስምዒታትን ኣብ መንጎኡ ዝርከብ በበይኑ ሕብረ-ስምዒታትን ሓቝፉ፡ ንኣድማሳዊ ሰብኣዊ ተመኩሮን ንፍሉይ ኤርትራዊ ግልጸቱን ምውካሉ ተወሳኺ መርኣያ ሓቀኛነቱን ስነጽባቔኣዊ ክብሩን እዩ። ብሓጺሩ፡ ኣብ ብዙሓት ግጥምታት 'ህያው ደብሪ'፡ ስምዒታት ካብ ዓባስ ምኳንን ድንግርግርን ወጺኡ፡ ኣፍ ከፊቱ ብቐንጆን ብሉጽን ቋንቋ ምዝራቡ፡ ንመንፈስ ኣንበብቲ ዘርክእ፡ ንኣድማስ ስነጽሑፍ ግጥሚ ኤርትራ ዘርሕብን ዘበርኽን እዩ ኽንብል ንኽእል።

ደራሲ 'ህያው ደብሪ' ተቐናያይ ተስፋማርያም ወልደማርያም፡ ኣብቲ ነዊሕ ስደቱ ብሒቱ ኣብ ዝነበረሉ ዓመታት፡ ከም ባሕታዊ ንስምዒታት ኣብ ሰብሪ ብግጥምታቱ ብምጽራሕ፡ ኣፍ ኣውጺኡ ኸም ዝዛረብ፡ ከም ዘፍቅር፡ ከም ዝደፋነቕ፡ ከም ዘዝይም ክገብሮ ኸሎ፣ ማዕረ-ማዕረኡ ንግጥምታቱ ካብ ዓሚቝ ኣስተንትኖ ህይወት፡ ታሪኽን ባህልን ብዝነቅል ሓሳባት'ውን ዘዊሕዎ'ዩ። ግጥምታቱ ምስ መሰረታዊን ዘይፍታሕን ግድላትን ሽኸምን ሰብኣዊ ህይወት፤ ፍቕሪ፡ ቅንዕና፡ ሓቂነት፡ ደግነት፡ ሞት፡ ስስዐ፡ ጽልኢ፡ ቅንኢ፡ ጭካነ፡ ዓመጽ፡ ኲናት፡ ሰላም፡ ፈተ-ፊት ገጢሙ ብመገዱ ትርጉምን ዕላማን ዝእልሽን ዘልኣለማዊ ሰብኣዊ ሻቕሎታት ዝገልጽን ጥበባዊ ፈጠራ'ዩ። ካብ ናይ ዕለታዊ ናብራን ዋኒንን ንምሕሳብ ዕድል ዘይህብ ሃልኪትኪት ኣውጺኡ ኸኣ፡ ዋላ ንገለ ህሞት ብዛዕባ ሕሉፍናን መጻኢናን ብጥልቀት ክንሓስብን ኣነባብራና ኽንመዝንን ይድርኽ። እዚ ግጥሚታት'ዚ፡ በቲ ብርኩትን ቈርቋሪን ፍልስፍናዊ ኣስተንትኖኡ፡ ነቲ ብዘይ ሕቶ ከም ፍጹምን ውዱእን እንወስዶ እምነታትን ኣረኣእያታትን ልምድታትን ብምምርማርን ብምቅላዕን ካብ ሃሜናዊ ድቃስ ከም ብወቕዒ የበራብር።

ካብ ፍልስፍናዊ ትንተና ብዝተፈልየ ጥበባዊ ፈጠራውነትን፡ ነቲ ብርትዓዊ ኣስተማኻኒዮ ዘይብጻሕ ትርጉምን ዕላማን ሰባዊ ህይወትን ሕልፈትን፡ ንሕግታት ስነመጐት ብዝሰገረ ሓይሊ ቅጀላ ኽድህሰሶን ናብ ናይ ሓቅነትን ጽባቔን ድንቅነትን ሚሳላዊ ኹነት ክበጽሕን ይመጣጠር። በዚ ኸኣ ካብ ክዉን ዓለም ኣውጺኡ፡ ብሜታፊሲካዊ ኣስተንትኖ ናይ ኪንዮ - ሰገራውነት (transcendence) ኵነት ንምትንካይ ይፍትን። ዘይተመርመረ ህይወት ክንበር ኣይበቅዕን'ዩ ኸም ዝበሃል፡ ብልዑል መትከላትን ክብርታትን ራእይን ዝምእዘን ሞራላዊ ህይወት ንምምራሕ ኣብ ዝግበር ቀጻሊ ጥምጥም ንዘዳንፍ ናይ ሞራላዊ ህይወትን ምርጫታትን ተጋራጫውነትን ስግንጥራትን ብጥልቀት ይምርምር። ብሓጺሩ፡ 'ህያው ደብሪ'፡ ሓቅነትን ቊንጅናን ዘጣመረ፡ ብቐጻላታት ትርጉም ዝተደርደረ፡ ምስ ወከፍ ምግንጻል ቀጸላ ሓዲስ ትርጉም ዘኸስት፡ ዕምቈት ትርጉሙ ብቐሊሉ ዘይብጻሕ፡ ስለዚ ድማ ናብ ወለዶታት ክሰግር ዝኽእል ነባሪ ስራሕ ክኸውን ዝኽእል ወሓለ መጽሓፍ'ዩ።

ንመንነት፡ ሓርበኛነት፡ ፍቕሪ ህዝቢን ባህሊን ያታን መሬትን ዝገልጽ ሓሳባትን ስምዒታትን ኣዝዩ ዝደመቐ መዳይ 'ህያው ደብሪ' እዩ። 'ህያው ደብሪ' ኣብ ታሪኽን ባህልን ንዝተሰረተ መንነት ብመንጽር ብድሆታት ዘመናውነትን ዝጸሮ ናይ ባህላዊ ስራዝነት ሓደጋን ብዕምቈት ብዝፍትሸ፡ ዘጠንቅቕ፡ ዝግዝት፡ ዘኸሽሕ ግጥምታት ምእኩት'ዩ። ብዝጠረፈ መግለጺኡ ኸም ዓቃባውነት ክግለጽ ብዝኽእል ሮማንሲያዊ ንድሕሪት ጠማቲን ንዝሓለፈ ያታዊ መዋእል ከም ሚሳላዊ ብዘድንቕን ዝናፍቕን ኣጠማምታን ቃናን፡ ንያታታትናን ትውፊታትናን ናብ ምምላኽ ብዝገማገም ውዕውዕ መንፈስን ደረት ዘይብሉ ውቁብ ክላሲካዊ ቛንቋን፡ የድንቕ፡ የሞጉሶ፡ ዕቃቤኡን ህያውነቱን ይጠልብ። በቲ ኻልእ መዳይ ግን፡ ነቲ ዝሓለፈ መዋእልን ባህሉን ወግዕታቱን ዘሎዎ ልዑል ኣኽብሮትን ኣድናቖትን ከይሓደገ፡ ኣብኡ ዝተሰረተ ናይ ገስጋሲ ለውጥን ወደባት ዘመናውነትን ባህግን ዕላማን ብምንጽብራቕ ነቲ ዓቃባዊ ዝምባሌ ብንቕሓት ብምግራሕ፡ ኣብ መንጎ ዝሓለፈን መጻኢን ናይ ዘሎ ዝተጠናነገን ተጋራጫዊን መጐታዊ ምትእትታው ዓሚቍ ግንዛቤ የንጸባርቕ። ምኽንያቱ፡ ኣብ 'ህያው ደብሪ' ኽልተ ዝተጠምረ ዝምባሌታት ክንፈሊ ንኽእል፤ ብሓደ ወገን፡ ኣብቲ ያታዊ ባህልን ሕብረተሰብን ንዘሎ ጐታቲ፡ ሓላኺ፡ ግዜኡ ዝሓለፎ፡ ከም ኣባታውነትን ጽቕጠት ደቀንስትዮን ዝኣመሰለ ድሕሪት ኣትራፊ ባእታታት ብዘይ ንሕሰያ ዝነቅፍን ዝኹንንን፡ ያዕ ክበሃል ዝጽውዕን ናይ ምንጻግን ምውጋድን ዝምባሌ፣ በቲ ኻልእ ድማ፡ ነቲ ሃናጽን ኣሰዳምን ናይ ኮማዊ ሓልዮት፡ ርእሰ-ምሉእነት፡ ርእሰኻ ዘይምድናን፡ ዘይተምበርካኽነት፡ ኒሕን ሓቦን፡ ማዕረ ኻልኦት ሕብረተሰባት ምኺንካ ምእማንን ናይ ምኺን ቈራጽ ሕልናን ክብርታት፡ ትውፊታት፡ ውርሻታት፡ ወግዕታት ብምሉእ ሓይሊ ዝጣበቕን ዝሕለቕን ናይ ምዕቃብን ምድንፋዕን ምምዕባልን ሃናጺን ኣፍራዪን ዝምባሌ።

ኣብዚ መጽሓፍ’ዚ፡ ህዝቢ፡ ሰውራ ኤርትራን ቅያዊ ተጋድሎኡን፡ ንተጋራጫውነትን ግርምቢጣትን ወዝባዊ ባህርን ታሪኻዊ መስርሓት ብዘይግንዘብ ሓደ ጐድናዊን ጥምዓዊን ኣጠማምታ ዘይኮነ፡ ኣብ ዓሚቐ ታሪኻዊ መረዳእታ ብዝተመስረተ ውርጁጽ ጥበብ ተገሊጹ ኣሎ። ኣብታ ናይዚ መጽሓፍ’ዚ ኣርእስቲ ዝኾነት ‘ህያው ደብሪ’ ንኣብነት፡ ገድሊ ኤርትራ ብኸምዚ ዝስዕብ መበቈላዊን ተምሳሌኣዊን ቋንቋ ተገሊጹ’ሎ፤

*ናይ መእመናን፡ ዓንገልቱ*
*ናይ’ታ መሬት፡ ታቦቱ*
*ውርደታዊ ቕዝፈተ-ስቓይ፡ ምስ ከበዶ*
*እዚታት’ዩ፡ ኪቐትል-ኪቕተል፤ ዝገደዶ!*
. . .
*ካን!*
*ብደምኪ ባሪኽኪዮ፥ ቀቢእኪዮ፤ ነዚ ዓመጻዊ ናዕቢ፤*
*ገድሊ ሓፋሽ’ንዲ’ዩ፤ ገድሊ ህዝቢ!*
*’ዝጊ-ኣፍለጠኪ!*
*ገድለ-ሕልና’ስ እንዲ’ዩ፤ ገድለ-ቐስቢ!!*
. . .
*ዝመረሮ ኣዳም!*
*ዝነደረት ገዳም!*
*ቃልሲና፤ እዚ በላዕ-ሰብ፥ እዚ ደማዊ!*
*እካ፤ ህዝባዊ!!*
*መነኮስ’ኳ ዝኾነሉ፤ ተበጃዊ።*

ኣብ ሓያለ ግጥምታቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ድኽነትን ድሕሪት-ተረፍነትን ብጻዕሩ ወጺኡ፡ ምስ ካልኦት ዝሰልጠኑ ሕብረተሰባት ክዳረግ ዝኽእል፡ ናይ ምድራግን ናይ ምኽንን ሓሰኻ ዘለዎ ህዝቢ፡ ጭዋን ስልጡንን ባህሊ ዘሎዎ፡ ዘመናዊነት ብለቓሕ በሰሮ ኸልቃሕ ዘይኮነ፡ ብጻዕሩን ፍልጠቱን ከማዕብል ዘኽእል ብቑዕ ህዝቢ ምኻኑ ብዘስተንክርን ኣቐሪን ቋንቋ ገሊጽዎ ኣሎ። ኣብታ፡ ‘ዑደት፡ ውሁብ’ዩ፤ ምሕኳር’ዩ ወሳኒ’ ዘርእስታ ግጥሙ ኸምዚ ይብል፤

*ንጭርኣዊ፥ ወግዓዊ ማዕርነት ጥራይ__*
*ከም ሕማማ-ደዌ ብምፍንፋን__*
*ካብ ደንበ ናይ ተንቀላወጥቲ፥ ናይ ተመጽወትቲ፥ ናይ በእንተኦም-ዚመጸ ደቐሎም__*
*ብዓመታት-ብርሃን ብምግላል፡ ባዕልኺ__*
*ብጻዕሪኺ፥ ብተበላሓትነትኪ፥ ንተጸማምነትኪ፤*
*ናብ ከበብ ናይ*
*ንምሸቱ፡ ብቛንቋ ናይ ዓወት__ንኹለን ናይ እኖ-ልሳናትኪ ንወለዶታት ኪትዝምሪ፤*

ኣብ ሰብኣዊ ሃለዋት፡ ቋንቋ ሕመረት'ዩ። ንሰብ ሰብ ዝገበሮ ቛንቋ-ባህሊ እዩ። ሕብረተሰብ ብቛንቋ ባህሊ ይፈጥርን የማዕብልን። መሰረት ኵሉ ሰብኣዊ ፍልጠትን ስነጽሑፍን ቋንቋ'ዩ። ከምቲ ተቐናያይ ተስፋማርያም ዝጸሓፎ፡ ቃል "ዘፍጥረት'ኳ ዝመሰሰ፡ ዘኣዘዘ" ስለ ዝኾነ፡ መሰረት ኵሉ ስልጣኔታትን ፍልስፍናታትን ሃይማኖታትን እዩ። ሰብ ብቛንቋ ነብሱ የለሊ፡ ንሱነቱ ይገልጽ፡ ንቕሓት ነብሱ የረጋግጽ። በዚ መሰረታዊ ምኽንያታት'ምበኣር፡ ነቲ ኣካል ባህሪ ዝኾነ ሰብ፡ ካብ ባህሪ ዝፈልዮ ነብሰ-ንቕሓት ስለ ዝፈጥረሉን፡ ንዅሉ ባህርያዊ ተርእዮታትን ሰብኣዊ ኹነትን ናይ ምርቋሕን ምስማይን፡ ናይ ምፍላጥን ምርዳእን ስልጣን ስለ ዝህቦን፡ ቋንቋ እቲ ዝበርትዐ ሰብ ዝውንኖ ሓይሊ እዩ።

ግጥሚ ልሉይ ቅዲ፡ ረምታን ሳምራን ብምጥቃም፡ ስምዒታትን ሓሳባትን ሕሉፍ ድምቀትን ጥልቀትን ዝረኽበሉ ብልዑል ጽባቔ ዝምዕርገሉ፡ ተራ ቛንቋ ዘይኰነስ ብስነጽባቔኣዊ መልክዕ ዝተኣልመ ቛንቋ ስለ ዝኾነ፡ ኣገዳሲ ጥበብ'ዩ። ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ፍልማዊ ሕብረተሰብ ምስ ሳዕስዒትን ደርፊን ተኣሳሲሩ ዝማዕበለ ዝጠንተወ ኣድማሳዊ ጥበብ ምዃኑ ድማ መርኣያ መሰረታውነቱን ኣገዳስነቱን'ዩ።

ግጥምታት ተስፋማርያም ብርሕበትን ርቀትን ቋንቋኡ ኣዝዩ ጽግው ምዃኑ ፍሉይ መለለዩኡ እዩ። ግጥሚ ቓላት ብቑርጥውን ሳምራኣዊን ጥበብ፡ ደሃያትን መልእኽትን ብስነጽባቔኣዊ እልመት ብምውቃብ፡ ብመሳጥን ብርቅን ቋንቋ ዝሰራሕ ስነጽሑፍ ብምዃኑ፡ ገጣማይ ብቐዳምነት ነሃባይ ቋንቋ እዩ። ምኽንያቱ፡ ቋንቋ ብግጥሚ እዩ ዝሓልም፡ ዝቕጅል፡ ዝጕሂ፡ ዝፍሳህ፡ ዘንሳፍፍ፡ ዝሰሪን ናብ ሃሴታዊ ዓለም ዘቐልቅልን። ስለዚ፡ ተስፋማርያም ንቛንቋ ትግርኛ ኣብሊጹ ስለ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን፡ ኣብቲ ቛንቋ ልዑል ውሕልነትን ብቕዓትን ስለ ዘሎዎን፡ ልቢ ዝመልእ እጹብ-ድንቂ ግጥምታት ደሪሱ'ሎ።

ናይ ግጥምታት 'ህያው ደብሪ' ስነጽባቔኣዊ ብልጸትን ጥልቀት ቋንቋኡን ብሰለስተ መዳያት ክግለጽ ይከኣል፤

ቀዳማይ፣ ተቓናያይ ብቛንቋ ሽሕር ዝሰርሕ ኣስማተኛ እዩ ተባሂሉ ይግለጽ'ዩ። ተስፋማርያም ከኣ ብቕኔታቱ ንኣንበብቱ ዘዐንዝዝ ስራይ ይሰርሕ'ዩ። ሓድሽን መበቈላዊን ኣተኣላልማ ቛንቋ ፍሉይነት ግጥምታቱ'ዩ። በዚ ኸኣ ግሩም ግጥምታቱ ንኣንበብቱ ይምስጥን ናብ ሃሴት የእቱን።

ካልኣይ፣ ቋንቋ ቕኔ ሓባሪ፡ ገላጺ ዘይኰነ፡ ብቐንዱ ቕጀላዊ እዩ። ብጥበብ ቕጀላ ረቂቕ ዓለም ፈጢሩ፡ ኣንበብቲ ብዕምቈት ከም ዝስምዖም፡ ብዓይኒ-ሕልና ኸም ዝርእይዎን ዝህውስዎን፡ ብመንፈስ ከም ዝሳተፍዎን ዝምኰርዎን ንምግባር ይህቅን። ናይ ተስፋማርያም ልዕሊ ንቡር ናይ ቕጀላ ዓቕሚ ኣብ ግጥምታቱ ብዕዘት ተጋሂዱ'ሎ። ተስፋማርያም ኣብ 'ህያው ደብሪ'፡ ኣንበብቲ ናብ በበይኑን

ተጋራጫውን ሰብኣዊ ኹነት ኣእትዩ ብጥልቀት ከም ዝምኰርዎ ዝገብር ቅጀላዊ ዓለም ክፈጥር በቘዑ’ሎ ምባል፡ ንሓደ ተቓናያይ ክወሃቦ ዝኽእል ዘለዓለ ሞጎስ’ዩ።

ሳልሳይ፣ ሓደ መፍለዪ ናይ ማሕለፊያ ግጥሚ፡ ኣብ ኣንበብቲ ዝፈጥሮ ግራመ እዩ። ብሉጽ ግጥሚ ናብ ናይ ቊልዕነት ግራመ ዝመልሰና፡ ንህይወትን ኣድማስ ብዓቢኡን ብሓድሽ ዓይኒ ንመጀመርታ ግዜ ከም እንርእዮ ብምግባር ዘስደምመናን ዘስተንክረናን፡ ብኣግርሞት ከም እንሓትት ዝገብረናን እዩ። ኣብ ግጥምታት ተስፋማርያም ኣፍ ዘኽፍት ኣግርሞት ሳሕቲ ዘዃንፍ ዘይምኺኑ ሓደ መርኣያ ልዑል ስነጽባቔኣዊ ደረጃኡ’ዩ።

ግጥምታት ‘ህያው ደብሪ’ ንቛንቛ ትግርኛ ምእንቲ ኽበቕዖ፡ ክብ ብዝበለ ዓቕሚ ኣብ ዘይረዊ ህቀና ናይ ዝተጸምደ ሕሉፍ ተውህቦን ጽሞናን ናይ ዝተዓደሎ ጥበበኛ ፍረ እዩ። ግጥሚ ተመስሪቡ ሓቑቕ ዝጸረየ ቛንቋ’ዩ ኸም ዝበሃል፡ እዚ ግጥምታት’ዚ ፍረ ዓሚቝ ኣስተንትኖን ነብሰ-ፍተሻን ኰይኑ፡ ከከም ኵነታቱ ብቓንዛ እንሓንሳብ’ውን ብሓጐስ እናነጠበ ዝተዋህለለ ቓላት ዝወለዶ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ሃገራዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ መስዋእቲ ጐሉሕን ዓብላሊን ቦታ ስለ ዘሎዎ፡ ንመስዋእቲ ንምግላጽ ዝህቅን ሓያለ ጥበባዊ ፈተነታት ተገይሩ እዩ። ተስፋማርያም ንመስዋእቲ ንምግላጽ ዝገበሮ ፈተነ ግን፡ ተራን ድግማዊን ዘይኰነስ፡ ሓለፋ ዘሎዎን ብፍሉይነቱን መርእዩነቱን ድሙቕን እዩ። ኣብ ‘ናይ ግዜና ገንሸላት’ ከምዚ ይብል፤

*ኣይንደዋውሶም፥ ኣይነህስሶም።*
*ናበይ’ቢልካ ኺድብተሩ፤ ብጃምላዊ፥ ኵሉ-ጠቓሊላ፤*
*ሸዊት ውልቀ-ህይወት እንዲ’ያ፤ ምሕቚ-’ላ!*
*ጭልቅዕ-ትንፋስ እኮ ኢያ፤ ምሕዊ-’ላ!*
*ጻልጣ ነገር’ያ’ምበር፤ ጭፍልቕ፥ ጭፍልቚ-’ላ!!*

‘ህያው ደብሪ’ ዘርሕዎ ሓድሽ ተኽእሎ ቛንቋ ኽጽንበል፡ ኣውራ ኸኣ ብዕምቈት ክድህሰስን ርሒብ ክህሎቱ ኽጐሕጓሕን፡ ንሓድሽ ፈጠራታት መበገሲን ደራኽን ክኸውን ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ እዚ ግሩም ግጥምታት’ዚ፡ ንልሙድ ቋንቋ ዘወቅብ፡ ብጥበባዊ ኣዘወታትራ ደረት ትርጉም ንቡር ቃላት ዘመቅርን ዘዕምቑን፡ ካብቲ ሰፊሕ ማህደረ-ቓላቱ ሓያለ ዝተረስዑ ቓላት ብምዝውታር ትሕዝቶኡ ዘሰስነ፡ ከምዚ ንፋልማዩ ዝድመጽ ዘሎ ብዘምስል ሓዲስነት ንትግርኛ ስለ ዘናግሮ ሓድሽ ደረት-ትርኢት ከፊቱ ኣሎ።

‘ህያው ደብሪ’ ኣልዒልዎ ዘሎ ኣርእስትታት መርመም’ዩ። ኣርእስትታቱ ንባዕሉ ኽምርመርን ክጽሓፈሉን ዝኽእል ኣገዳሲ ኣርእስቲ’ዩ። ኣርእስትታቱ ብብዝሕን ሽፈነን እምብዛ ሰፊሕ ምኺኑ ሓደ ኻብ ፍሉይነቱ እዩ። ‘ህያው ደብሪ’

ልዕሊ 150 ቅንየታት ሓቝፉ'ሎ። እዚ ግጥምታት'ዚ፡ ብፍቕዲ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብቕድታቱን ብትሕዝቶኡን'ውን ሃብታም'ዩ። ናይ ያታዊን ዘመናዊን ግጥሚ፡ ልቂ ጽሑፋዊ ግጥሚን (Prose Poetry) ብሒደት መስመራት ዝቐውም ጃፓናዊ ሃይኩን ቅድታት ናብ ትግርኛ ብናቱ መገዲ ብምርዓም ሓቝፉ ኣሎ። ኣውራ ግን፡ ዓይነት ኣርእስትታቱ፡ ኣቀኣሪ ትዕዝብትታቱ፡ ውቁብ ቋንቋኡ፡ ፍልስፍናዊ ኣስተንትኖኡ፡ ጥልቀት ሓሳባቱን ስምዒታቱን በበይኑ ንባባት ህይወትን ናይ 'ህያው ደብሪ' ብርቂ መለለዪ እዩ።

ተስፋማርያም ብህይወት ከሎ ኣብ መንገ ውሑዳት መቕርቡ ጥራይ'ዩ ከም ገጣማይ ዝፍለጥ ነይሩ። ምግጥም እንተ ወሓደ ኣብ መጀመርታ 1970'ታት ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ እኳ እንተ ጀመሮን፡ ኣብ ተሓኤ ሓላፊ ክፍሊ ዜና እንከሎ ብምሕታም ገለ ግጥምታት እንተ ቐጸሎን፡ ኣውራ ኣብ ነዊሕ ስደቱ እዩ ኸም ጸውዓ ህይወቱ ወሲዱ ዝተጸምደሉ። ካብ ቃልሲ ምስ ካልኦት ሰባት መደረ፡ ካብ ቃልሲ ምስ ገዛእ-ነብስኻ ድማ ግጥሚ ይፍጠር ከም ዝበሃል፡ ተስፋማርያም ኣብቲ ብሑት ናይ ስደት ህይወቱ፡ ምስ ነብሱ፡ ምስ ባህሉን ቋንቋኡን፡ እምነታቱን ሓሳባቱን፡ ኮታ ኰለንተናኡ እናተቓለሰ ሓቀኛ ግጥምታት ፈጢሩ። ስነጽባቐኣዊ ዕዘትን መበቈላውነትን ግጥምታት ተስፋማርያም ግን፡ እቲ ውሩይ ግሪኻዊ ጽዋ ብዛዕባ ስነጥበባዊ ፈጠራውነት ከም ዝብሎ፡ ካብ ሕሾኽ እትብሎ ሙዛ (muse) ዝመጸ፡ ካብ ውሽጡ፡ ካብ መዓሙቕ ንሱነቱን እንታይነቱን ዝተፈጥረ ጥራይ ኣይኰነን። ግጥሚ ውልቃዊ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብቐንዱ ብባህልን ቋንቋን ዝቐውም ማሕበራዊ ብምዃኑ፡ ብሉጽ ተቓናያይ ድማ ኣብ ባህሉን ያታኡን ትውፊታቱን ዝተሰረተን ኣብቲ ባይታ'ቲ ኣዕሚቑ ሱር ሰዲዱ ዝበቘለን ናብ ምዕንባብ ዝበጽሐን ህያው ክኸውን ስለ ዘለዎ፡ ተስፋማርያም ሚሒር ፍቕሪ ባህሊን ያታን ምስ ልዑል ፍልጠትን ልቦናን ዘወሃሃደ ብምንባሩ፡ ህያው ገጣማይ (Organic Poet) ክኸውን በቒዑ'ዩ።

ተስፋማርያም ንቛንቋ ትግርኛ ኸሳብ ክንደይ ከም ዘፍቅሮን ዘኽብሮን፡ ስለዚ ድማ ከም ዝጽዕተሉን፡ ንሓንቲ ቓል፡ ንሓንቲ ነጻላ-ሰረዝ ከይተረፈ ዝህቦ ዕዙዝ ክብሪ መርኣያኡ እዩ። ጌጋ ሓንቲ ቓል፡ ዋላ ሓንቲ ፊደል'ውን ትኹን ዘሕምሞን ዘይጻወሮን እዩ። ስለዚ ድማ፡ ክብሪ ቛንቋ፡ ክብሪ ቓላትን ሓረጋትን ስለ ዝግንዘብ፡ ወከፍ ቃል ከም ኣልማዝ ስለ ዝፈቕዳ፡ ከም ደባቢ-ቓል (word-monger)፡ ፈታው-ሓረግ፡ ፈኞዶኡ ቓላት ኣይዘሩን እዩ። በዚ ድማ፡ ዝተጸልጸለ ቀኑርጡው ቋንቋ ግጥሚ፡ ቀኑጠባ ቓላት ዘየማስኖ፡ ብሳምራ ዘዝይምን ብኣተንብሆታት ዘወሸጥን ብቕጀላታት ዝህወስን ዝስእልን ምዕሩግ ጥበባዊ መልክዕ ግጥሚ፡ ነዚ ወናም ተቓናያይን ሓሳባይን፡ ከም ወሓለ ኣንጠረኛ ተኣኒኑ ብዝኣልሞ ሒደት ቃላት ዝፈጥሮ ቕንየታት የምሕረሉ እዩ። ግጥሚ መካይድቲ ኸብሪ ቓላት ዝተሰወጠ ጥበበኛ ስለ ዝኾነ፡ ተስፋማርያም ኣብ ግጥምታቱ፡ ብሒደት ቃላት

ሓቅነትን ጽባቔን ዘጣመረ፡ ንዓሚቑ ሓሳባትን ስምዒትን ዘዳረገ ምጡቕ መግለጺ ገይርሉን፡ እጽብ-ድንቂ ናይ ቅጀላ ዓለም ፈጢሩን ኣሎ።

ተስፋማርያም ብቛንቋኡን ባህሉን ንዝመጾ ሕድገት የብሉን። ነቶም ግዳያት ነብሰ-ምትሓት ኲይኖም ንገዛእ ቋንቋኦምን ባህሎምን ጐዶሎ'ዩ እናበሉ ዘቈናጽቡን ማዕረ ነብሶም ዘዋርድዎን፡ ብዘይ ምሕረት ይነቅፍ፣ ይኸሽሕን ባዶነቶም የርእን። ኣብ ሓንቲ ግጥሙ፡ ንሓደ ምስ ንሱነቱ ጸገም ዘሎዎ፡ ብዝተለቅሖ ዘመናውነት ዝዓበደ ጥቕመ-ፈሊጥ ምሁር፡ "መሕጸብ-እግራ ኣይትብቅዕን ንነጸላ-ሰረዝ" ብምባል ዘባጨወሉ፡ ዓይነታዊ ኣብነት እዩ።

ናይ ቋንቋን ስነጽሑፍን ደሚቕ መረዳእታኡ እተንጸባርቕ 'ወዲ-ዕባራ ስነ-ጽሑፋዊ ማህደር' ኣብ ዘርእስታ ግጥሙ ኸምዚ ይብል፤

ትምህር-ውዒለ-እሕደር
ንልሳነይ እዓብዮ ዲ'የ፧
ወይ፡ ብኣንጻሩ፡ ቋንቋይ ይንእሰኒ ዲ'ዩ፧
                    እስከ፡ ንነብሰይ ክጥይቓ፤ ቅድሚ-ዚኣገረ!

. . .
ለከ፡ ወዲ-ዕባራ፥ ቈንጻብ፥ ድኻ ስነ-ጽሑፋዊ ማህደር ብምዃነይ እዩ
እዚ ዘመን-ኣምጸኦ ነብሰ-ኣሕሳሪነተይ__
ናብ ውሽጢ-ውሽጠይ ብምስላኹ፤
                                    ዘይግዳዱ፡ ዚሰረጸ!
እዚ ሓዲግ፥ መንካዕ ዕጫይ፡ ካብ-'ዝጊ'ስ__ መሰጋገሪ እንዲ'ዩ፡ ደኣ!
ኣበ'ያሎ፡ ንናቱ (ኪዕቅብ፥ ከዐንብብ)
ከሰጋግሪ-'ሉ፤
  ብዕቱብ ኒሕ፥ ብምዕቱብ ቅንኣት፡ ዚቈረጸ፧
ብናይ እንዳማቱ ተራጒዱ፡ ብዘጋየጸ__
ኣይ ብዘይ መረርቲ መንነተ-ባህላዊ ቓልሲታት
ከም ሓሰኻ-ዕነ፤
  ልምሉም ስዩምታ፡ ዚመረጸ፧!

ከምቲ ተመራማራይ ቅኔ ሄኖክ ተስፋብሩኽ ኣብ መወዳእታ ናይዚ መጽሓፍ ቀሪቡ ኣብ ዘሎ ትንተናኡ ዝበሎ፡ 'ህያው ደብሪ' ፍረ "ዕምረ-ምሉእ ኣስተንትኖ ህይወት" እዩ። ቅንየታቱ ብትኸረትን ጥልቀት ዘሎዎን ኣስተብህሎ በበይኑ ተመኩሮታት ሰብኣዊ ህይወት ንምግላጽን ምርዳእን ብዝጸመደ ንባባት ህይወት ዝመልአ ስለ ዝኾነ፡ ብስለትን ሓዲስነትን ድሙቕ ግልጸቱ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ተስፋማርያም ንዕዮ ስነጽሑፍ ናብ ምምላኽ ብዝገማገም ደረጃ ኣመና ስለ ዘኽብሮ፡ ንቛንቋን ጽሑፍን ከም መለኮታዊ ውህብቶ ስለ ዝርእዮ፡ ብፍጹማዊ

ትጽቢት ዝኣተዎ ዕዮ'ዩ። ስለዚ ኣብ ቅኔታቱ፡ ከም ኣብ ልቢጽሑፋዊ (Prose) ስርሓቱ፡ ናይ ፍጹምነት (perfection) ድርኺቱ ጕሉሕ እዩ። ተስፋማርያም ኣብዚ ኽልተ-ሰለስተ መጻሕፍቲ ክኸውን ዝበቅዕ ቅንየታቱ፡ ብቐሊሉ ንኸይረዊ ኣንቂዱ ስለ እተበገሰ፡ ኣብ ቅድሚኡ ብቐጻሊ ዝብርኽ ልዑል ደረጃታት ስለ ዘንበረ፡ ቅኔታቱ ብዓመታት፡ አረ ዕቑዳት ብዝወሰደ መስርሕ እናተመጻረየ ቓል ብቓል ዝተሃንጸ እዩ። በዚ ኸኣ፡ ካብ ሕልናዊ ድንዛዘ ዘበራብር፡ ንነብሰ-ፍተሻ ዝድረኽን ዝኾርኵሕን፡ ጥምዓዊን ቅዳሕን ኣነባብራ ህይወት ዘጋልጽን ዝነጽግን፡ ሓቅነትን ጽባቐን ዘርእን ዘመኵርን ቅኔታት ኰይኑ ኣሎ።

ተስፋማርያም ነቲ ንዓስርተታት ዓመታት ንበይኑ ሓብሒቡ ኣዕኹኹ ዘዕበዮ ኣብ 'ህያው ደብሪ' ተኣኪቡ ዘሎ ቕኔታት ተሓቲሙ ኽርኢ ብዘይ ምኽኣሉ'ኳ ቕር እንተ በለና፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ ነባሪ ባህላዊ ሓድጉ እዩ።

ንሄኖክ ተስፋብሩኽ፡ ንቕኔታት ተስፋማርያም ኣዕሚቑ ብምምርማር ዝትንትን፡ ነብሱ ዝኽኣለ መጽሓፍ ክኸውን ዝኽእል ምሁራዊ ትንተና ብምብርካቱን ን'ህያው ደብሪ' ኣብ ምርታዕ ብምስታፉን ንዝገበሮ ዓቢ ኣበርክቶ ነመስግን። ንኤፍረም ሃብተጽዮን ከኣ፡ ን'ህያው ደብሪ' ኣብ ምርታዕን ምክትታልን ንኣስታት ትሽዓተ ዓመት ብዝገበሮ ኣድካሚን ትዕግስቲ ዝሓትትን ምያ ነመስግን። ድሕሪ ዕረፍቲ ተስፋማርያም ነቲ ኣብ ኣመሪካ ዝሓደጎ ሓደ ቕዳሕ 'ህያው ደብሪ' ብምስዓድ ክሕተም ንዘፍቀዳልና ኳሉ ያስሚን ተስፋማርያምን ኣደኣ ኤልሳ መስፍንን፡ ከምኡ'ውን ደቂ ፋይቶም ተስፋማርያምን ሪም ተስፋማርያምን ፍሉይ ምስጋናና ይብጽሓዮም።

ተቐናያይ ተስፋማርያም ብ'ህያው ደብሪ' ኣብ ስነጽሑፍ ግጥሚ ኤርትራ በሪኽ ሓድሽ ጥበባዊ ደረጃ ኣንቢሩ ኣሎ። ምሕታም 'ህያው ደብሪ' ኣብ ስነጽሑፍና ሓድሽ ምዕራፍ ዘመልክት፡ ንመጻእቲ ኤርትራውያን ደረስቲ ኣርኣያ ክኸውን ዝኽእል ኣገዳሲ ደረት-ዝፈሊ ኽስተት እዩ።

ኣሕተምቲ ሕድሪ
ጥሪ 2019
ኣስመራ